# ናሁ እምይእዜሰ ያስተበፅዑኒ ኩሉ ትውልድ



እነሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ ብፅዕቲ ክብሉኒ ኢዮም።
ሉቃስ 1፥48

እዚ ቃል’ዚ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ቅዱስ ፍቓዱ ኰይኑ ነቲ ሓደ ወዱ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ክውለድ፡ ሥጋ ክለብስ ምስ ፈቐደ፡ ንመልኣኹ ልኢኹ ምስ ኣበሠራ፡ ንሳ ድማ እግዚኣብሔር ዝሃባ ጸጋን ክብርን ርእያ ኣቐዲማ ንፈጣሪኣ ከተመስግን ከላ፡- “ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ በቲ መድሓንየይ ባህ ይብሎ።…” ኢላ ኣመስገነት እሞ ከምቲ መልኣኽ “ኣቲ ምልእተ ጸጋ ሰላም ንዓኺ ይኹን፡ ካብ እግዚኣብሔር ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ’ሞ ባህ ይበልኪ ዝበላ፡ መንፈስ ቅዱስ ናብኣ ወሪዱ፡ ሓይሊ ልዑል ኣጽሊሉ፡ እቲ ካብኣ ዝውለድ ቅዱስ ወዲ ኣምላኽ ከኣ ካብ ሥጋኣ ሥጋ፡ ካብ ነብሳ ነብሲ ወሲዱ ምስ ተወሃደ፡ እቲ ኩሉ መጻኢ ነገራት ተገሊጹላ፡ “እነሆ ካብ ሕጂ ኩሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኪብሉኒ ኢዮም” ኢላ ተነበየት። እወ ትንቢታ ሓቅን ክዉንን ስለ ዝኾነ ድማ ኩሉ ትውልዲ ካብቲ ጊዜ’ቲ ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብፅዕቲ ኢኺ፡ ክብርቲ ኢኺ፡ ቅድስቲ ኢኺ፡ ልዕልቲ ኢኺ እናበለ ከመስግና ይርከብ ኣሎ፡ ንዘለዓለም ውን ክትምስገን እትነብር ቅድስቲ ኣደ ኢያ።

ኣቦታት ክምስሉ “ሽም ይመርሕ፡ ሽምዓ የብርህ” ይብሉ። ኣብዚ ዓለም ዘሎ ኣስማት ኩሉ ትርጉም ኣለዎ። መብዝሕትኡ ድማ ከምቲ ስሙ ይሠርሕ። ቅድስት ድንግል ማርያም ድማ ቡሩኻት ወለዳ ኢያቄምን ሃናን፡ ክትኮኖን ክትገብሮን ዘለዋ ኣምላኽ ገሊጹሎም ስማ ማርያም ኢሎም ኣውጽኡላ። ትርጉሙ ድማ ካብቲ ብዙሕ ገሊኡ ፍጽምቲ፡ ጸጋን ሃብትን፡ ልዕልቲ፡ መራሒት መንግሥተ ሰማያት፡ ኣደ ብዙሓት፡ ጥዕምቲ ስም ማለት ኢዩ። ፍጹምነታ እዚ ጉደላ ዘይትብሃል፡ ድንግልና ሥጋን ነፍስን ደሪባ ዝሓዘት። ልዕልናኣ ትሕቲ ፈጣሪ ልዕሊ ኹሎም ፍጡራን ዝኾነት። ጸጋኣ ቅድም ንወለዳ ደሓር ከኣ ንኹሎም ምእመናን ጸጋን ሃብትን ዝኾነት። መሪሕነታ ብእምነት ሰኣሊ ለነ (ለምንልና) ንዝብልዋ ኩሎም ንወዳ ለሚና ናብ መንግሥተ ሰማያት እትመርሕ ስለ ዝኾነት። ኣደ ብዙሓት ምኻና ኩሉ ምእመን ኣዴና ኣደ ጐይታና እናበለ ዝጽውዓ ስለ ዝኾነት። ጣዕሚ ስማ ኸኣ ማርያም ኢልካ ክትጽውዕ ከሎኻ ጥዑምን ምቁርን ስም ስለ ዝኾነ ኢዩ። ኣማላድነታ ኣሚኑ፡ ማርያም ኢሉ ኩሉ ምእመን ክጽውዓ ከሎ ዝስምዖ ሓጐስ ወሰን የብሉን፡ ምኽንያቱ ኣማላድነታ ቅልጡፍን ሕራይ ዘብልን ምኳኑ ስለ ዝፈልጥ። “ኣፍጣኒተ ረድኤት ማርያም፡ በጊዜ ምንዳቤ ወዓፀባ፡ ለዓይን እምቀራንባ” ምርዳእ ናታ ከም ቋሕ ከም ሰም ስለ ዝኾነ ኢዩ። ኣማላድነታ ርህራሄኣ ከኣ ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ተራእዩ ኢዩ። በዓል ጉዳይ ወይኒ ተወዲእዎ ምስ ረኣየቶ ነቲ ኹሉ ዝከኣሎ ወዳ ወይኒ እምበር የብሎምን ክትብል ለመነቶ’ሞ፡ ልማኖኣ ሰሚዑ ንጊዜኡ ከም ቅጽበት ንማይ ናብ ወይኒ ለዊጡ ነቶም ሰብ ጉዳይ ንጨንቆም ናብ ራህዋ ለዊጥዎ ኢዩ።

ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዕቤታን ክብራን እምበኣር ነቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ ስለ ዝወለደት ኢዩ። ብዙሓት ኣዴታት ብዝተፈላለየ ጽቡ'ቕ ግብረን ጻድቃን ሰማዕታት ኢልና ንጽውዐን። ከምኡ ውን ንነቢያት ንሓዋርያት ንጻድቃን ንሰማዕታት ወሊደን ኢልና ነኽብረን ኢና። ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዕቤትን ክብርን ግና ካብዚ ፍልይ ዝበለ እዩ። ምኽንያቱ ንኣምላኽ ዝወለድኪ ኢኺ እሞ ፍልይ ዝበለ ውዳሴን ክብርን ምስጋናን ይግባኣኪ ኢና ንብላ። ወንጌላዊ ዮሓንስ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብርታት ኩሉ በብሓደ እንተ ዝጸሓፍስ እዚ ዓለም'ኳ ኣይምኣኸሎን ይመስለኒ ክብል የደንቕ። ዮሓ21፡25 ናይ ወላዲቱ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዕቤታን ክብራን ውዳሴኣን ድማ "ጽሒፈ ውዳሴኪ እምኢሓልቀ፡ ሶበ ኮነ ጥቀ፡ ዝናመ ክረምት ቀለመ ወሰማይ ረቀ።" ይብላ። እምበኣር ዕቤታን ክብራን ብሓጺሩ ከምዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኽኸውን ከሎ። ሎሚ በዚ ዕለት'ዚ ፳፱ ጥሪ (29 January) ዓመት ዓመት ካብ ርሑ'ቕን ቀረባን ተኣ'ኻ'ኺብና እነኽብራን እንዝክራን ዘሎና ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ካብዚ ሓላፊ ዓለም'ዚ ናብቲ ዘይሓልፍ ዓለም ዝገዓዘትሉ (ዝዓረፈትሉ) ስለ ዝኾነ ኢዩ። እቲ ነቦና ኣዳም ዝተፈርደ ሞተ ሥጋ፡ ን'ኹሉ ዘርኡ ስለ ዝኾነ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ድማ ዘርኢ ኣዳም ብምኻና ሓቀኛ ፈራዲ ዝኾነ ወዳ ብሞት ጸውዓ። እዚ ጊዜ ዕረፍቲ ቅድስት ማርያም ኣስተርእዮ እናተባህለ ድማ ይጽዋዕ። እዚ ኣስተርእዮ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምግላጽ ምርኣይ ዘይኮነስ ናይ ወዳ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምግላጽ ኢዩ። "ኣስተርኣየ ዘኢያስተርኢ ኮነ እሙነ ኣስተርእዮቱ ለመድኃኒነ ክርስቶስ..." እቲ ኽርአ ዘይኽእል ኣምላኽ ተራእየ፡ ካብ ድንግል ምውላዱ እሙን ኮነ ከም ዝተባህለ። ኣብ መበል 30 ዓመቱ ኣብ ዮርዳኖስ ክጥመ'ቕ ከሎ ኣብ መርዓ ቃና ዘገሊላ ተረ'ኺቡ ንማይ ናብ ወይኒ ክልውጥ ከሎ፡ ሓዋርያት መሪጹ ቃል ወንጌል ክምህር፡ ሕሙማት ከሕዊ፡ ምውታት ከተንሥእ፡ ዝተፈላለየ ናይ ኣምላ'ኽነቱ ሥራሕን ተኣምራትን ክገብር ስለ ዝተራእየ እዚ ምግላጽ'ዚ ኣስተርእዮ ተባህለ። እቲ ወ'ቕቱ ምስ ናይ ዕረፍቲ ኣዴና ማርያም ስለ ዝኾነ ኣስተርእዮ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ።

**<u>ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን፡-</u>** እምበኣር በቲ ጽኑዕ እምነትናን በቲ ጽቡ'ቕ ባህልናን ካብ ርሑ'ቕን ቀረባን ተኣ'ኻ'ኺብና፡ በዓልና ነ'ኽብር ኣሎና እሞ እዚ ተግባር እዚ ከኣ እቲ ኣምላ'ኽና ካባና ዝጽበዮ ሠናይን መንፈሳዊ ተግባርን ኢዩ። እነሆ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩስ ኣዝዩ ሠናይን ጥዑምን ኢዩ። መዝ.133፡1 ከም ዝተባህለ ብሓደ ምእካብና ብምስጋና ኣምላኽ፡ ብማሕበራዊ ጸሎት ስለ ዝኾነ ኣጸቢቑ ባህ ዘብል ኣ'ኼባ ኢዩ። ብሥጋን ብነፍስን እንሕጐሰሉ ኣ'ኼባን ንግደትን ከኣ ኢዩ። ኣምላ'ኽና ነዴና ማርያም በቲ ዘይሕሶ ቓሉ ዝሃባ ኪዳን ድማ ኩልና ተ'ኻፈልቲ በረ'ኸታ ኢና። ስለዚ ነዚ በረ'ኸትን ጸጋን'ዚ ንሓደ መዓልቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓዋሩ ምሳና ምእንቲ ክ'ኸውን ከምቲ ኣምላ'ኽ ዝደልዮን ዝእዝዞን ኰይንና ክንመላለስ ይግብኣና "ተነስሑ ካብ ሓጢኣትኩም ውን ተሓጸቡ ገዛእ ርእስ'ኹም ኣንጽሁ፡ ኣብ ቅድመይ ክፉእ ምግባር ሕደጉ፡ ሠናይ ምግባር ተመሃሩ። ብ'ቕንዕና ፍረዱ፡ ንጥቑዓት ርድእዎም፡ ንዘ'ኽታማት ፍትሒ ኣውጽኡሎም፡ ንመበለታት ተጣበቑለን፡" ንዝብል ቃሉ ሓሊና። ኢሳ.1፡16 ክንነብር ሓይሊ ይሃበና። ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም በረ'ኸት ምስ ኩልና ይ'ኹን።

ቡሩ'ኽ ኣውደ ዓመት ይግበረልና።

ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ቤተ-ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ኣብ ሽካጎ

፳፱ ጥሪ ፳፻፫ / January 29th, 2011